# ውሳነታት 5ይ ምስልጣን ኣሰልጠንቲ (TOT)

# መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ

5ይ ምስልጣን ኣሰልጠንቲ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ፡ ካብ 10 - 12 ጥቅምቲ 2014፡ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር፡ "ኣብ ንቕሎ ውድባዊ ዝላ!" ኣብ ትሕቲ ትብል ቴማ ኣብ ከተማ ኮፐንሃገን - ዴንማርክ ኣካይድና። ኣብ'ዚ መደብ፡ ኩለን ጨናፍር መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ ወከልተን ልኢኸን።

ኣብ'ዚ ዓመታዊ ርክብ ሓለፍቲ ጨናፍርን ጉጅለታትን መ/ህግደፍ ኤውሮጳ፡ ብጻይ ዮናስ ማና ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ስካንዲናቪያ፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ሃማደኤን ኮምን ከተማ ኮፐንሃገን ተረኺቦም።

መደብ ስልጠና ሰልጠንቲ፡ ንወዳቢት 5ይ (TOT)፡ መንእሰያት ህግደፍ ጨንፈር ዴንማርክን ኩለን ሃገራውያውን ውዳቤታትናን፡ ንኹሉ ሞራላውን ንዋያውን ኣበርክትኦም ልዑል ምስጋና የቕርብ።

5ይ ምስልጣን ኣሰልጠንቲ (TOT)

- ብመሰረት ኣብ 10ይ ዋዕላና፡ ዝተጻደቐ መደብ ስራሕ ንትግባረኡ ዘርኢ ጸብጻባት፡ ናይ ማእከላይ ኮሚተን ጨናፍርን ሰሚዑ። ዘለዉ ብልጫታትን ድኻማትን መዚኑ።
- ንህልዊ ኩነታት ሃገርን ቀዳምነታትን ብዕቱብ ዘትዩ መረዳእታ ኣዕሙቑ።
- ካብ መድረኻዊ ሃገራዊ ቀዳምነታት፡ ምሕያል ህዝባዊ ግንባርን ፖለቲካዊ ስራሕን ምዃኑ ብምርዳእ፡ ተራን ሓላፍነትን ምንቅስቓስና ተገንዚቡ።
- ምርግጋጽ ውድባዊ ድልዳለን ምህናጽ ትካላዊ ብቕዓትን መስርሕ ምዃኑ ግንዛበ ብምዕባይ፡ ቅርጽን ዕማማትን ኣገባባትን ዝምልከት ዝቐረበ ንድፊ ሰነደ "ውሽጣዊ መምርሒ" ዘትዩሉ፡
- ብተመሳሳሊ፡ መምርሒ ኣቓውማን ዕማማትን ጨንፈር ዘነጽር ንድፊ-ሰነድ ዘትዩሉ፡
- ዓመታዊ መደብ ስራሕን ቀዳምነታትን ምንቅስቓስ መንእሰያት ዳግማይ ብዝርዝር ብምርኣይ፡ ተኻቲዑሉ ሓባራዊ መረዳእታ ኣዕዚዙ። ብተወሳኺ ንስትራተጂካዊ ውጥንን ኣገዳስነቱን ዘትዩሉ።
- መበል 11 ዋዕላ መንእንሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ፡ ኣብ ጀርመን 2-6 ሚያዝያ 2014፡ ንምክያድ ዛጊት ተበጺሑ ዘሎ ገስጋስ ስራሕን ጸብጻብ ሰሚዑን ተረዲኡን፡

5ይ ምስልጥና ኣሰልጠንቲ ( TOT):

- ትካላዊ ዓቅምን ኣወዳድባን ኣገባባትን ብዕቱብ ኪስርሓሉ ዳግማይ ብምስማር፡ ንዝቐረበ ንድፊ ሰነድ "ውሽጣዊ መምርሒ" ምንቅስቓስ ብደረጃ ኤውሮጳ፡ ኣብ ስራሕ ኪውዕል፡ ኣብ ጨንፈራት ኣብ ኣባላት ወሪዱ ኪዘተየሉ ናይ መወዳእታ መልክዑ ዚሑ ኣብ መበል 11 ዋዕላና ኪጸድቕ ወሲኑ።

- ንኣወዳድባን ቅርጽን ኣሰራርሓን ጨንፈርን መሪሕነቱን (ናሽናል ቦርድ) ዘነጽር ንድፊ መምርሒ ስራሕ፡ ኣብ ኣትግባረ ኪውዕል ወሲኑ።
- ህልዊ ኩነታት ሃገር ብምዝታይ፡ ኣብ ቀዳምነታትና ምሕያል ህዝባዊ ግንባርን ፖለቲካዊ ስራሕን ከምዝስራዕ ብምርዳእ፡ ተራ ሙሉእ ምንቅስቓስና ኪዓዝዝን ኣባላት ጽምደቶምን ንቕሓቶምን ከበርኹ ወሲኑ።
- መደባት ፖለቲካዊ ትምህርቲን ንቕሓትን ብዝለዓለ ኪድፍኣሉን ኪሰፍሕን፡ መደባት ካድራዊ ስልጠና ኣብ ጨንፈራትን ዞባ-ኤውሮጳን ኪተኣታቶ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝካየድ መደባት ተሳታፍነትና ኪዓብን ዳግማይ ወሲኑ፡
- ናይ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ ስትራተጂካዊ ውጥን 2011-2014 ምስ ሽቶታቱ፡ ጌና ብምልኣት ዘይተተግበረ ብምኳኑን ኣብ ኩሉ ንጥፈታትና ወሳኒ መርሓ ስለዝዀነን፡ ዘድሊ ከለሳ ተገይሩሉ ኪቕጽል ምእንቲ ኣብ ዋዕላና ዳግማይ ኪጸድቕ ወሲኑ።
- ንዝሓየለ ውህደት ምስ ኩለን ሃገራዊ ውዳበታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራዊ ኮማትን ብዝለዓለ ኪስርሓሉ ወሲኑ።
- ምትእስሳር ምስ ሃገር ንምብራኽን ሞያውን ቁጠባውን ኣበርክቶ ንምዕዛዝ ምስ ሃማመተኤን ካልኦት ሃገራዊ ኣካላትን፡ ብትካላዊ መቓንን ብግብርን ኪሰርሓሉ ወሲኑ።
- ዝቕጽል 6ይ TOT 2015፡ ኣብ ኢጣልያ ኪካየድ ወሲኑ።

ኣብ መደምደምታ፡ እዚ መደብ'ዚ ንምዕዋት ዚተገብረ ኩሉ መዳያዊ ኣበርክቶን ተወፋይነትን ጨንፈር መንእሰያት ህግደፍን ሃገራዊ ውዳቤታትናን ኣብ ዴንማርክ፡ ኣድናቖትና ብምግላጽ፡ ደጊምና ልዑል ምስጋናና ነቕርብ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
12 ጥቅምቲ 2014
ኮፐንሃገን - ዴንማርክ